## ልኡኻት ኣህጉረ ስብከታት ሰሜን ኣሜሪካ፣ ኤውሮጳን ማእከላይ ምብራቕን፣ ምስ ናይ ኦሬንታል ኣብያተ ክርስቲያናት፣ ቢዛንታይንን ካቶሎክ ኣብያተ ክርስቲያናት ርክብ ኣካይዶም።

ብብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ ዝተመርሐ ልኡኽ ኣኅጉረ ስብከታት ሰሜን ኣሜሪካ፣ ኤውሮጳን ማእከላይ ምብራቕን፣ ኣብ ምርጫ 118 ፓትርያርክ እስክንድርያ፣ ንናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ብምውካል ንኽሳተፉ ብዝተገብረሎም ዕድመ መሠረት፣ ኣብቲ ምርጫ ድሕሪ ምስታፎም፣ ምስ ወከልትን ፓትርያርካትን ኣብያተ ክርስቲያናት ስፍሕ ዝበለ ምደብ ብምሥራዕ ብዛዕባ ህልው ኩነታት ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያንን ቅዱስ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስን ሓሳብ ንሓሳብ ተለዋዊጦም።

እቶም ልኡኻት ምስ ሓዲሽ ፖፕ ናይ እስክንድርያ ቅዱስ ኣቡነ ቴዎድሮስ 2ይ ኣብ ዝገበርዎ ርክብ፣ ነዚ መዓርግ እዚ እንቋዕ ኣብቅዓኩም ድሕሪ ምባል፣ ብዛዕባ ህልው ኩነታት ቤተ ክርስቲያንን ወሪድዋ ዘሎ ከቢድ ኣደራዕን ስፍሕ ዝበለ መግለጺ ድሕሪ ምሃቦም፣ ዕረፍቲ ቅዱስ ፖፕ ሽኖዳ 3ይ ንቤተ ክርስቲያንና ኣዝዩ ዓቢይ ክሳራ እዩ። እንተ ኾነ ብናይ መንፈስ ቅዱስ ምርጫ ንስኹም መጺእኩም ብምህላውኩም ንኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ደበስን ኣዝዩ ዓቢይ ብሥራትን እዩ። ብፍላይ ድማ ኣብ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ብፖፕ ሽኖዳ ዝጸንሓ ኣካይዳ ብዘለዎ ናህሪ ክቕጽል፣ ጸሎትኩምን ምትሕብባርኩምን ንታ ቤተ ክርስቲያን ከይፍለያ ብምባል መግለጺ ድሕሪ ምሃቦም፣

ፖፕ ቴዎድሮስ ካልኣይ፣ ብወገኖም ኣብ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ወሪዱ ዘሎ ከቢድ ኣደራዕ፣ ኣብ ርእሲ ቅዱስ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ተፈጺሙ ዘሎ ግህሰት ኣዝዩ ከም ዘሕዝኖምን ከም ዘጉህዮምን፣ ኣብ ጸሎቶም ድማ ኩሉ ጊዜ ከም ዝዝክርዎምን ብኣሂ ገሊጾም። እቲ ኣብ ርእሲ ኣቡነ እንጦንዮስ ዝተወስደ ሓደገኛ ፍጻሜን ምግሃስ ሕጊ ቤተ ክርስቲያንን ብፖፕ ሽኖዳን ብኣይን ጥራይ ዘይኮነ፣ ብምልኣት ጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ እስክንድርያ ውጉዝን ኩነንን ምዃኑ፣ ብጀካ ፓትርያርክ ቅዱስ እንጦንዮስ ድማ ዝኾነ ፓትርያርክ ናይ ኤርትራ ኣፍልጦ ከምዘይህልዎን፣ ተቀባልነት ከም ዘይብሉን ቅድስነቶም ብምግላጽ፣ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከባ ናይ ግብጺ ኣብያተ ክርስቲያናት ድማ ኩሉ ጊዜ ኣብ ጸሎቶም ክዝክራኦም ምዃነን ገሊጾም።





ልኡኻት ኣህጉረ ስብከት ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ምስ ፖፕ ቴዎድሮስ ||

ልኡኽ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ምስ ናይ ሶርያ ፓትርያርክ ቅዱስ ማር ኣግናጥዮስ ዘካ (His Holiness Moran Mor Ignatius Zakka I Iwas) ኣብ ዝገበሮ ርክብ፣ ብዛዕባ ህልው ኩነታት ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ መግለጺ ድሕሪ ምቕራቡ፣ ናይ ሶርያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኣብ ርእሲ ኃውቲ ዝኾነት ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ወሪዱ ዘሎ ምግሃስ ሕግን ምእሳር ቅዱስ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስን ኣዝዩ ከም ዘሕዘኖም ድሕሪ ምግላጽ፣ ነቶም ቀኖና ቤተ ክርስቲያን ጥሒሶም ሓዋርያዊ ሕጊ ሰጊሮም ብኃይሊ ጎነጽ ፓትርያርክ ኣውሪዶም፣ ኣብ ሥልጣን ተወጢሖም ዘለዉ ዘሕጋዊ ሰብ ኣፍልጦ ከምዘይብሎምን፣ ብጀካ ፓትርያርክ ቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ካልእ ከምዘይቅበሉን፣ ምስ እቲ ብብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ ዝምራሕ ምምሕዳር ኣኅጉረ ስብከታት ብቐረባ ክዓዩ ምዃኑም፣ ናይ ሶርያ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስቲያን ድማ ብጸሎትን ሞራልን ሓጋዚት ምዃና ቅዱስ ፓትርያርክ ገሊጾም። ቅዱስ ፓትርያርክ ብሰንኪ ሕማምን ድኻምን ነዊሕ ጉባኤ ምግባር ስለ ዘይከኣሉ፣ ብዝሰፍሐ ሓፈሻዊ መግለጽን መረድእን ንምሃብ፣ ንምርኻብን ንዋና ጸሓፊ ቅዱስ ሲኖዶስን ወኪል ኦሬንታል ኣብያተ ክርስቲያንን ሊቀ ጳጳስ ኣቡነ ቴዎፍሎስ ድሕሪ ምምዛዞም ልኡካት ሃገረ ስብከት ስፍሕ ዝበለ ምይይጥን ምስ ሊቀ ጳጳስ ኣቡነ ቴዎፍሎስ ኣካይዶም። ቅዱስ ሲኖዶስ ሶርያ ዘለዎ ንጹር መትከል ብዝኃየለ ክቕጽሎ ምዃኑን፣ ምስ እቲ ብብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ ዝምራሕ ምምሕዳር ብቐረባ ክሰርሑ ምዃኖምን ኣብ ናይ ኦሪንታል ኣብያተ ክርስቲያናት ዘለዎም ግደ ተጠቒሞም ብትግሃት ክዓዩ ምዃኖም ገሊጾም።



ልኡኻት ኣህጉረ ስብከት ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ምስ ፓትርያርክ ቅዱስ ማር ኣግናጥዮስ ዘካ።



ልኡኻት ኣህጉረ ስብከት ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ምስ ሊቀ ጳጳስ ኣቡነ ቴዎፍሎስ ዋና ጸሓፊ ቅዱስ ሲኖዶስ።

ልኡኽ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ምስ ልኡክ ናይ ኣርመን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ጸሓፊ ቅዱስ ሲኖዶስ ሊቀ ጳጳስ ሳቦሕ ሳርኪሲያን Archbishops Sebouh Sarkissian ተራኺቡ ብዛዕባ ህልው ኩነናታት ቤተ ክርስቲያን ኤርትራን፣ ኣብ ልዕሊ ቅዱስ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ዝወረደ ከቢድ ኣደራዕን ግህሰት ሕጊ ቤተ ክርስቲያንን ብሰፊሑ ድሕሪ ምምይያጥ፣ ኣብ መንጎ እቲ ብብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ ዝምራሕ ምምሕዳር ቤተ ክርስቲያን ጥቡቕ ዝምድና ክምሥረትን፣

ሓባራዊ ኣገልግሎት ክምዕብልን ዝርርብ ኣካይዶም። ኣቐዲም ኣቢሉ ልኡኽ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ ምስ ፓትርያርክ ቅዱስ ካረኪን 2ይ (H.H. Karekin II) ርክባት ኣካይዱ ምንባሩ ዝዝከር እዩ።



ልኡኻት ኣህጉረ ስብከት ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ምስ ጸሓፊ ቅዱስ ሲኖዶስ ሊቀ ጳጳስ ሳቦሕ ሳርኪሲያን

ልኡኽ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ምስ ናይ ማላንካራ ህንዲ ኦርቶዶክስ ፓትርያርክ ቅዱስ ባስሌዎስ ማርቶማ ዲዲሞስ I (Catholicos of Malankara Orthodox Church Baselios Marthoma Didymos I) ርክብ ኣካይዱ ብዛዕባ ህልው ኩነታት ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያንን፣ ቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስን ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪቡ፣ ብወገኖም እቶም ፓትርያርክ ምስቲ ዘሎ ራሕቂ፣ እቲ ሓበሬታ በጺሕዎም እኳ እንተ ኾነ፣ ከምዚ ብኣካል ተራኺብካ ንጹር ኣፍልጦ ንምርካብ ግን ኣይተኻእለን ጸኒሑ። በቲ ኮነ በዚ ግን ንሕና እቲ ኩለን ናይ ኦሬንታል ኦርቶዶክስ ኣብያተ ክርስቲያናት ወሲደናኦ ዘለዋ ውሳኔ፣ ማለት እቶም ብዘይቀኖናዊ ሕጊ ኣብ መንበር ተቐሚጦም ዘለዎ ሰብ ከም ፓትርያርክ ከም ዘይንፈልጥኦም፣ ብጀካ እቶም ብቀኖናውን ሓዋርያዊን ሕጊ ዝተቐብኡ ቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ካልእ ኣፍልጦ ከም ዘይንህብን። ብጀካ ምስቲ ብኣቡነ መቃርዮስ ዝምራሕ ብኦሬንታል ኣብያተ ክርስቲያናት ተፈላጥነት ዝረኸበ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ምስ ካልኦት ዝኾነ ርክብ ከም ዘይንገብር ነፍልጥ ኢሎም። ቅድስነቶም ብተወሳኺ ኣብ ኩሉ ዝግበር ጸሎታት ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ዝዝክሩ ምዃኖምን፣ ካብቲ ሕጋዊ ሓዋርያዊ ሰንሰለት ንዝዘበለ ኣካል ግን ምንም ኣፍልጦ ዘይህቡ ምዃኖም ገሊጾም።



ልኡኻት ኣህጉረ ስብከት ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ምስ ፓትርያርክ ቅዱስ ባስሌዎስ ማርቶማ ዲዲሞስ ።

ብተወሳኺ ልኡኽ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን፣ ምስ ናይ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ልኡኻት ቅዱስ ሲኖዶስ ተራኺቡ፣ ካብ ፖለቲካን ካልእ መሰል ነገራ ከይኣተወን ከይተንከፈን፣ ከም ኣባላት ናይ ኦሬንታል ኦርቶዶክስ ኣብያተ ክርስቲያንን፣ ከም ኣኃት ደቂ ቅዱስ ማርቆስን፣ ብሃይማኖታዊ ኀውነትን መንፈስን፣ ኣብ ቀርኒ ኣፍርቂ ንዕቤትን ምዕባለን ናይ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ብምርድዳእ ክስራሕን ምእንቲ ሰላም ክልቲኡ ጎረባብቲ ሃገራት እተን ኣብያእ ክርስቲያናት ተጊህን ክጽልያ፣ ሓዋርያዊ ሰንሰለታዊ ሕጊ ቤተ ክርስቲያን ተኸቲለን ክኸዳን፣ ብመንፈሳዊ ኀውነት ተመያይጦም።



ልኡኻት ኣህጉረ ስብከት ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ምስ ልኡኻት ናይ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቅዱስ ሲኖዶስ

ልኡኽ ኣህጉረ ስብከት ምስ ናይ ኦሬንታል ኦርቶዶክስ ኣብያተ ክርስቲያናት ዋና ጸሓፊ ዶክቶር ገርጊስ ኣብርሃም ተራኺቡ፣ ብዛዕባ ህልው ኩነታት ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያንን፣ ቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ንዓመታት ካብ ኅብረት ኣብያተ ክርስቲያናት ዋላ እኳ እቲ ክሳብ ሕጂ ዝተወስደ ስጉምትታት እቲ ብዮፍታሄ ድሜጥሮስ ዝምራሕ ምምሕዳርን ብዓመጽ ዝተሾሙ ፓትርያርክን፣ ኣፍልጦ ኣይሃብ እምበር፣ ንሱ ኣኻሊ ኣይኮነን ፓትርያርክና፣ ካብ መዘናታቶም ፓትርያርካት ተፈልዮም ኣብ መቑሕ ይርከቡ፣ ንዓመታት ካብ ቅዱስ ቁርባን፣ ካብ ምስላም መስቀል፣ ካብ ጉስነት ሕዝቢ ተኸልኪሎም፣ ኣብ ከቢድ ሕማምን ጸገምን እናሃለዉ፣ ብናይ ኅብረት ናይ ኦሬንታል ኣብያተ ክርስቲያናት ትርር ዝበለ ስጉምቲ ክወስድ ብዘይምኽኣሉ ቅሬታኡ ገሊጹ።

ዋና ጸሓፊ ዶር. ገርጊስ ብወገኖም፣ ንሕና እቲ ዝጸንሓና ርክባት ውሱንን ብጽሑፍን ጥራይ ብምንባሩ በየን ኣቢልካ እቲ ርክባት ይካየድ ኣዝዩ ውሱን ኣፍልጦ እዩ ጸኒሑና፣ ሕጂ ግን ጉዳይ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ብስፍሓት ክንዓየሉን፣ ብዛዕባ እቲ ንስካትኩም ኣብ ጉባኤ ኦሬንታል ዝግበረሉ እዋን ዝህልወኩም ኣበርክቶምን ግደን ዓቢይ ኣፍደገ ተኸፊቱልና ኣሎ። ርክባትና ድማ ቀጻሊ ክኸውን፣ ተላብዮም፣ እቲ ልኡኽ ኣብ ኩሉ ናይ ኦሬንታል ኣብያተ ክርስቲያናት ኅብረት ክሳተፍን፣ ህላውነት ቤተ ክርስቲያኑ ከረጋግጽን ሓቲቱ፣ ብዛዕባ ኣብ ርእሲ ኣቡነ እንጦንዮስ ዝቐረበ ክስን፣ ንሶም ዝሃብዎ መልስን ከምኡውን ይግባይ ዝበሉሉ ምሉእ ደኩሜንት ኣረኪቡ።



ልኡኻት ኣህጉረ ስብከት ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ምስ ስብከት ምስ ናይ ኦሬንታል ኦርቶዶክስ ኣብያተ ክርስቲያናት ዋና ጸሓፊ ዶክቶር ገርጊስ ኣብርሃም ወኪል ኦሬንታል ኣብያተ ክርስቲያንን ሊቀ ጳጳስ ኣቡነ ቴዎፍሎስ።

እቲ ልኡኽ ብተወሳኺ ምስ ናይ ግሪክ ኦርቶዶክስ ተወካልን፣ ምስ ናይ ሮማ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ልኡኽን ስፍሕ ዝበለ ርክባት ኣካይዱ፣ ብዛዕባ ህልው ኩነታት ቤተ ክርስቲያን ድማ መግለጺ ሂቡ። ብዛዕባ ኩነታት ቤተ ክርስቲያን ስፍህ ዝበለ ኣፍልጦን ግንዛበን ከም ዝሓድሮም ገይሩ።



ልኡኻት ኣህጉረ ስብከት ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ምስ ናይ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ተወካሊ።



ልኡኻት ኣህጉረ ስብከት ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ምስ ቢዛንታይን ኦርቶዶክ ተወካልቲ።

ልኡኽ ኣኅጉረ ስብከት ብተወሳኺ ምስ ፕሮ-ኦሬንት ፕረሲደንት ፕሮፌሶር ጆሃን ማርተ ተራኺቡ ብዛዕባ ኩነታት ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራን ፓትርያርካ ቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስን ዘለውዎ ከቢድ ፈተናን ስፍሕ ዝበለ መብርሂ ሂቡ።
ፕሮፌሶር ጆሃን ብወገኖም፣ እቲ ኩነታት ብቐረባ ከም ዝፈልጥዎን፣ እቲ ኣብ ርእሲ ፓትርያርክ ቅዱስ ኣቡነ እንቶንዮስ ተፈጺሙ ዘሎ ከቢድ ግህሰት ቤት ጽሕፈቶም ኣዝዩ ዝቃወሞን ዝኹንኖን ምዃኑ ድሕሪ ምግላጽ፣ ኣብ ቀጻሊ፣ ምስቲ ብብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ ዝምራሕ ምምሕዳር ብኹሉ ነገራት ተኃባቢሮም ክሰርሑ ምዃኖም ሓቢሮም።

ልኡኽ ሃገረ ስብከት ሰሜናን ኣሜሪካ።



ልኡኻት ኣህጉረ ስብከት ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ምስ ናይ ፈረንሳይ ሊቀ ጳጳስ ኣቡነ ኣትናቴዎስ።

ልኡኽ ሃገረ ስብከት ተወሳኺ፣ ምስ ናይ ግብጺ ኦርቶዶክስ ሚሽን ኣብ ኣፍሪቃ ብብፁዕ ኣቡነ ጳውሎስ ዝተመርሐ ኣፍርቃውያን ካህናት ካብ ታንዛንያ፣ ቶጎ፣ ዛምብያ፣ ዚምባዌ፣ ኬንያ፣ ናሚብያ ጋናን ሪፓብሊክ ጎንጎን ምስ ዝመጹ ካህናት ተራኺቡ ተመያይጡ፣ ናይ ኦርቶዶክስ ኣብያተ ክርስቲያን ብፍላይ ድማ ናይ ግብጺ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኣብዚ ጊዜ እዚ ኣዝዩ እናስፋሕፍሐ ይኸይድ ብምህላዉ፣ ብዙኃት ከሃድቲ ናብ እምነት ኣብ ምምላስ ይርከቡ።
እቲ ልኡኽ ብወገኑ፣ ካህናትን ዲያቆናትን ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ብብዝኂ ናብ ስደት ዝኸደሉ ዘሎ ዘመን ስለ ዝኾነ፣ ኣኣብ ከባቢኦም ተቐቢሎም ኣብ ኣገልግሎት ክተሓባበርዎምን ብዘድሊ ኩሉ ድማ መንፈሳዊነቶም ዓቂቦም ክነብሩ ምትህብባር ክግበረሎም ለበዋን ምሕጽንታን ኣቕሪቡ።



ልኡኻት ኣህጉረ ስብከት ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ምስ ናይ ኣፍሪቃ ልኡኻን ሚሽኔሪ።

“ልቢ ሰብ መገዱ ይምድብ፡ ንስጕምቱ ግና እግዚኣብሔር እዩ ዜቃንዖ።” ምሳሌ 16፡9